Utdannings-
direktoratet

# PPTን ንዓበይቲ ናይ ፍሉይ ጠለባት ትምህርቲ ደገፍን

ንናይ ዓበይቲ መባእታዊ/ትሓታዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ብቑዕ እንተኾይንካ፣ ን ገለ ቅጥዕታት ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ናይ ኖርዌይ መባእታዊን ታሕታዋይን ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝኾኑ ክልተ ዓይነት ናይ ፍሉይ ትምህርቲታት ኣለዉ።

እቲ ናይ መጀመሪያ ዓይነት ፍሉይ ትምህርቲ ካብ ልሙድ ከይዲ ትምህርቲ ብእኹል ንዘይርበሑ ማለት'ውን እቲ ናይ ዓበይቲ ናይ ትምህርቲ መደብ ን ናይ ትምህርቲ ጠለባቶም ዘይምጥን ሰባት ዝዓለመ እዩ።

እቲ ካልእ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዓይነት ድማ መሰረታዊ ክእለታቶም ንምምሕያሽ ወይ ንምዕቃብ ንዘደልዩ ሰባት ዝወሃብ እዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሓገዝ ላዕለዋይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ወዲኦም ሕጅውን ሓገዝ ንዘደልዩ፣ ወይ ጉድኣት እንተበጺሕዎም ወይ ሕማም እንተጋጢምዎም ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ሓገዝ ንዘድልዮም ሰባት ግቡእ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ምምሕዳርን PPTን (ናይ Educational and Psychological Counselling Service) ንጠለባትካ ዝምጥን ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዓይነት እንታይ ከምዝኾነ ኣብ ምግምጋም ክሳተፉ፣ ከምኡ'ውን ምኽሪ ክህቡኻ ኣለዎም። PPT፣ ፍሉይ ትምህርቲ የድልየካ እንተኾይኑ ብዘርኢ ቅጥዒ ሰነድ ናይ ኪኢላ ገምጋም (ብ ቋንቋ ኖርዌይ፡- sakkyndig vurdering) ይገብር እዩ። እቲ ምምሕዳር ንስኻ ን ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ብቑዕ ዲኻ ኣይኮንካን ንዝብል፣ ከምኡ'ውን እቲ ሓገዝ እንታይ ክኸውን ኣለዎ ኣብ ዝብል ጉዳይ ናይ ውልቃዊ ውሳነ ክቕበል ኣለዎ (ብ ቋንቋ ኖርዌይ፡- enkeltvedtak) ኩል ግዜ ኣንጻር እዚ ውሳነ ይግባይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## PPT እንታይ እዩ?

PPT ኣብ ኣተሓሕዛ ፍሉይ ጠለባት ዘለዎም ቆልዑ፣ መንእሰያት ከምኡ'ውን ዓበይቲ ሰባት ንመዋእለ ህጻናትን ቤት ትምህርቲታትን ምኽሪ ዝህብ ህዝባዊ ኣገልግሎት እዩ። PPT ብደረጃ ከባቢ ኣብ መንጎ-ሞያታት ኣብ ምትሕብባር ክዋፈር ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ምስ ኣገልግሎት ጥዕና ወይ ኣገልግሎት ድሕነት ህጻናት ኖርወይ(Norwegian Child Welfare Services) (ብኖርወይኛ: barneverntjenesten)፣ ከምኡውን ብደረጃ ሃገር፣ ንኣብነት ምስ ሃገራዊ ኣገልግሎት ፍሉይ ድሌታት ትምህርቲ (ብኖርወይኛ: Statped) ብሓባር ክሰርሕ ይኽእል እዩ። PPT ብምስጢራውነት ዝተቀየደ እዩ።

## ካብ'ቲ ምምሕዳር እንታይ ክትጽበ ትኽእል?

እቲ ምምሕዳር

- ቀንዲ ጠለባትካ ውሕስነት ከምዘለዎም ከረጋግጽ ኣለዎ
- ብዛዕባ ዘስግኣካ ጉዳይ ቅድሚ ምውሳኑ ንሳኻ እንታይ ከምትሓስብ ክሰምዓካ ኣለዎ
- ከዛርበካን፣ ኣድላዪ ዝኾኑ ገምጋማት ከሳልጥን ኣለዎ
- ናይ ፍሉይ ጠለባት ትምህርቲ የድልየካ ምዃኑ ንምፍላጥ ክግምግም

Utdannings-
direktoratet

- ነዚ እንተሓቲትካ ከምኡ'ውን መደብ ትምህርቲ ዓበይቲ እዚ ፍሉይ ትምህርቲ የድልየካ እዩ ኢሉ ዝሓስብ እንተኾይኑ፡ PPT ናይ ኪኢላ ገምጋም ንክገብር ክሓትት ኣለዎ
- ንስኻ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ የድልየካ ድዩ ኣየድልየካን ኣብ ዝበል፣ ከምኡ'ውን የድልየካ እንተኾይኑ ድማ እንታይ መልክዓት ክሕዝ ከምዘለዎ ዝገልጽ ናይ ውልቂ ውሳነ ክሕዝ
- ናይ ውልቂ ስርዓተ ትምህርቲ የዳሉ (ብ IOP)
- ኣብ'ቲ ናይ ውልቂ ውሳነን ኣብ IOPን ገምዝተገለጸ ነቶም ናይ ፍሉይ ትምህርቲታት ደገፍ ይህብ
- ኣብ'ቲ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍን ናትካ ምዕባለን ዕብየትን ዓመታዊ ናይ ጸሑፍ ጸብጻብ የዳሉ
- ቅድሚ ውሳነ ምሃብካ፡ ምስ ነጥብን ብዘይ ነጥቢን ዝግበር ገምጋም እንታይ ከም ዘጠቓልል መምርሒ ከም ዝወሃበካ የረጋግጽ

## ንስኻ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

ከም ተቐባሊ መባእታ/ታሕተዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ንስኻ

- እቲ መደብ ትምህርቲ ዓበይቲ፡ ፍሉይ ትምህርቲ የድልየካ ድዩ ኣይድልየካን ክምርምር ክትጠልብ ትኽእል።
- ቅድሚ ሪፈራ ምስ PPTን ቤት ትምህርትን ብዛዕባ ስክፍታኻ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።
- እቲ ምምሕዳር ነቲ ገምጋም ቕድሚ ምሕታቱ ክትሰተፍን ፈቓድካ ክትህብን ኣለካ
- እቲ ምምሕዳር ፍሉይ ትምህርቲ ክትወስድ ምኺንካ ቅድሚ ምውሳኑ ክሳተፍን ፍቓድካ ክትህብን ኣለካ
- ብዛዕባ እቲ እትረኽቦ ዘለኻ ፍሉይ ትምህርቲ ዓመታዊ ናይ ጽሑፍ ጸብጻብን ናይ ምዕባለኻን ዕቤትካን ገምጋምን ክረክብ ኣለዎ።
- ፍሉይ ትምህርቲ እንተዘይተዋሂቡካ ይግባይ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።
- ንትሕዝቶ፡ ኣተገባብራ ወይ ኣወዳድባ ናይቲ ፍሉይ ትምህርቲ ይግባይ ክትብል ትኽእል።
- በቲ ትረኽቦ ዘለኻ ናይ ፍሉይ ትምህርቲታት ውጽኢት ካብ ገምጋም ናጻ ምኺንካ ወይ ዘይምኺንካ ክትውስን ትኽእል ኢኻ

ኣላዪ እንተሃልዩካ፡ እቲ ኣላዪ እውን ከምቲ ናትካ መሰል ኣለዎ።